www.health-ni.gov.uk

Health and Social Care

What to expect after your COVID-19 vaccination:
Advice for children and young people - Tigrinya



## ክታበት-

# ኮቪድ-19 እንታይ ትጽበዩ

## ንቆልዑን መንእሰያትን ዝምልከት መደብ ክታበት



ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብ
www.nidirect.gov.uk/covid-vaccine



## ኣገልግሎት ጥዕና ንኹሎም ነዚ ክታበት ክወስድዎ ዝግብኦም ቆልዑን ንኣሽቱ መንእሰያትን ክታበት ኮቪድ-19 ይህብ ኣሎ።

እዚ ንሽቶይ ናይ መሐበሪ ወረቐት እዚ ነዚ ክታበት ምስ ወሰድኩሞ እንታይ ክትጽበዩ ከምዘለኩም ዝሕብር እዩ።

# እቶም ጎድናዊ ሳዕቤናት እንታይ እዮም፧

ከም ኩሎም መድሃኒታት፡ ክታበታት ጎድናዊ ሳዕቤናት ከኸትሉ ይኽእሉ እዮም። መብዛሕትኦም ፈኮስትን ንሓጺር እዋን ዝጸንሑን እዮም፡ ንኹሉ ሰብ ግና ዘጋጥምዎ ኣይኮነን። እቶም ፍሉጣት ዝኾኑ ጎድናዊ ሳዕቤናት ሓደ ዓይነት ኮይኖም ከምኡውን ንሓደ ወይ ክልተ መዓልታት ይጸንሑ። ነቲ ካልኣይ መጠን ክታበት ናይ ክታበት Pfizer ምስ ወሰድክሞ ዝያዳ እቲ ቀዳማይ ጎድናዊ ሳዕቤን የኸትል።

እቶም ፍሉጣት ጎድናዊ ሳዕቤናት ኣብ ቀዳማይ ወይ ካልኣይ ምዓልቲ ዝረኣዩ  እዞም ዝስዕቡ እዮም፦

- ስምዒት ቃንዛ፡ ኣብቲ ዝተኸተብካሉ ከባቢ ናይ ኢድ ስምዒት ክብድብድ ምባል ከምኡውን ጸገም ምንቅስቓስ ኢድ
- ስምዒት ድኻም
- ሕማም ርእሲ፡ ቃንዛን ገብገብታን

ንሓደ ወይ ክልተ መዓልቲ ዝቕጽል ጉንፋዕ ዝመስል ምልክታት ምንቅጥቃጥን ገብገብታን ዘጠቓለለ ምህላው። እንተኾነግን፡ ልዑል ረስኒ ኣካላት* ምህላው ሕማም ኮቪድ-19 ወይ ካልእ ረኽሲ ከምዘለካ የመልክት (ነዚ ዝምልከት ምኽሪ ኣብ ገጽ 6 ተወከስ)።

ግቡእ ዝኾነ ዓቐን መጠን ፈውሲ ቃንዛ ፓራሲታሞል የዕረፍኩም ብምውሳድ (ነቲ ኣብ ናይ ሓበሬታ ወረቐት ተጠቒሱ ዘሎ መምርሒ ብምኽታል) ጽቡቕ ንክስምዓኩም ወይ ኩነታትኩም ንኽመሓየሽ ይሕግዝ።

ካልእ ዘይልሙድ ጎድናዊ ሳዕቤን ድማ ምሕባጥ ጽክታት ኣብ ትሽትሽ ወይ ኣብ ክሳድ ኣብ ሓደ ወገን ናይቲ ዝተኸተብካሉ ቦታ ከጋጥም ይኽእል። እዚ ኣስታት 10 መዓልታት ኣቢሉ ክጸንሕ ይኽእል፡ ካብኡ ንላዕሊ ምስ ዝጸንሕ ግና ናብ ሓኪምኩም ተራኣዩ።

## ብዛዕባ ጎድናዊ ሳዕቤናት ስክፍታ ምስ ዝህልወኩም ክትገብርዎም ዝግብኣኩም

እዞም ምልክታት እዚኦም ካብ ሓደ ሰሙን ዝሓጽር ግዜ ክጸንሑ ይኽእሉ። እቶም ዝረኣይኹም ምልክታት እናበርትዑ ዝኸዱ ምስ ዝመስልኹም ወይ ዝኾነ ስክፍታ ምስ ዝህልወኩም፡ናብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ጥዕና 111 ደዉሉ። ካብ ሓኪም ወይ ካብ ኣላዪ ሕሙማት ምኽሪ ምስ ዘድልየኩም፡ ብዛዕባ ዝወሰድኩሞ ክታበት ከምዝነገርኩሞ ኣረጋግጹ (ነቲ ናይ ክታበት ካርድ ድማ ኣርእይዎም) ስለዚ ንሳቶም ብግቡእ ክምርምሩኹም ይኽእሉ።

ብተወሳኺውን እትጥርጥሩዎም ጎድናዊ ሳዕቤናት ናይ ክታበትን መድሃኒታትን በታ ብጫ ናይ መሐብሪ ካርድ ጸብጻብ ከተቕርቡ ትኽእሉ። coronavirus-yellowcard.mhra.gov.uk.

**coronavirus-yellowcard.mhra.gov.uk**

## ካልኦት ኣዝዮም ብርቱዓት ጎድናዊ ሳዕቤናት ኣለዉዶ፧

ኣብዚ ቀረባ ግዜ፡ ተርእዮ ነድሪ ልቢ (ነድሪ ጭዋዳ ልቢ (myocarditis) ወይ ነድሪ ሽፋን ልቢ (pericarditis) ዝተባህሉ) ድሕሪ ክታበት ኮቪድ-19 ተገሊጾም ኣለዉ።

እዚ ተርእዮታት እዚ ኣውራ ኣብቶም ንኣሽቱ መንእሰያት ደቂ ተባዕትዮ ድሕሪ ቁርብ መዓልታት ክታበት ዘጋጥሙ ጉዳያት እዮም። ዝበዝሑ ካብዞም ሰባት እዚኦም ቀልጢፎም ዝሓውዩ ኮይኖም ከምኡውን ምስ ኣዕረፉን ቅልል ዝበለ ሕክምናዊ ክንክን ምስ ተገብረሎምን ኩነታት ጥዕንኦም ተማሓይሹ። ካብዞም ዝስዕቡ ገለ ተርእዮታት ልዕሊ 4 መዓልታት ከምኡውን ኣብ ውሽጢ 28 መዓልታት ድሕሪ ክታበት ምስ ዝርኣይኹም ብቑልጡፍ ሕክምናዊ ምኽሪ ካብ ሓፈሻዊ ሓኪምኩም ወይ ክፍሊ ህጹጽ ረድኤት ክትሓቱ ኣለኩም።

- ቃንዛ ኣፍልቢ
- ሕጽረት እስትንፋስ፡ ቃንዛ ኣፍልቢ፡ ሕበጥ እግሪ
- ስምዒት ቅልጡፍ ህርመት ልቢ፡

## ኮቪድ-19 ካብቲ ክታበታት ክሕዘኒ ይኽእል'ዶ፧

ካብቲ ክታበት ሕማም ኮቪድ-19 ክሕዘኩም ኣይክእልን እዩ እንተኾነ ግን ከይተረድኣኩም ብኻልእ መኽንያት ሕማም ኮቪድ-19 ተታሒዝኩም ክትኮኑ ትኽእሉ እቲ ምልክታት ድማ ድሕሪ ቆጸራ መዓልቲ ክታበት ክርአ ይኽእል። እቶም ኣዝዮም ኣገደስቲ ምልክታት ናይ ኮቪድ-19 ኣብ ቀረባ እዋን ምጅማር ናይዞም ዝስዕቡ እዮ፡

- ሓድሽ ቀጻሊ ዝኾነ ሰዓል
- ልዑል ረስኒ ኣካላት
- ምጥፋእ፡ ወይ ምቕያር፡ ኣብ ግቡእ ስምዒት ናይ ምስትምቓር ወይ ምሽታት ዘይምኽኣል (anosmia)።

ዋላእኳ ኣብ ውሽጢ ሓደ መዓልቲ ወይ ክልተ መዓልታት ኣብ ግዜ ክታበት ረስኒ ናይ ኣካላት ዝርአ እንተኾነ፡ ዝኾነ ካልእ ምልክታት ሕማም ኮቪድ-19 ምስ ዝህልወኩም ወይ ረስኒ ኣካላትኩም ንዝነውሐ ግዜ ምስ ዝጸንሕ፡ ኣብ ገዛኹም ጽንሑ ወይ መርመራ ክግበረልኩም ቆጸራ ሓዙ።

# ካብዚ እንታይ ትጽበዩ




ክታበት ምስ ተኸተብኩም፡ ናይ ክታበት መዝገብ ዘለዎ ካርድ ክወሃበኩም እዩ። ድሕሪ 8 ወይ 12 ሰሙናት እቲ ካልኣይ መጠን ክታበት ክትወሃቡ ኢኹም።

ብዛዕባ እቲ ካልኣይ መጠን ክታበት ድማ ኣብቲ ግቡእ ዝኾነ ግዜ፡ ንዓኹም ዝበለጸን ነዊሕ ግዜ ዝጸንሕን ናይ ምክልኻል ብቕዓት መታን ክህልወኩም ዝሕግዝ ምኽሪ ክትወሃቡ ኢኹም።

**ነቲ ናይ ክታበት ካርድኹም ብጥንቃቐ ሓዝዎ። እዚ ናይ መጀመርታ እትወስድዎ ዘለኹም ክታበት እንተድኣኮይኑ፡ ነቲ ካልኣይ ክታበት ንኽትወስዱ ቆጸራ ምሓዝ ኣይትረስዑ።**

# ኣብ ግዜ ቆጸራኹም ኣብ ጽቡቕ ኩነታት ምስዘይትህልዉ

ሓሚምኩም ምስ እትህልዉ፡ ክሳብ እትሓውዩ ነቲ ክታበት ከይወሰድኩም ክትጽበዩ ዝበለጸ እዩ።

ንስኹም በይንኹም ተነጺልኩም ምስ እትህልዉ፡ ናይ ኮቪድ-19 መርመራ ትጽበዩ ምስ እትህልዉ ወይ ኣብ ውሽጢ እዘን ዝሓለፋ 4 ሰሙን ቀዳማይ መልከፍቲ ናይ ኮቪድ-19 ዝተረጋገጸልኩም ምስ እትኾኑ፡ ሕማም ኮቪድ-19 ከምዝተለኸፍኩም ምስ ተረጋገጸ 12 ሰሙናት ወይ ኣብ ዝለዓለ ናይ ሕማም ሓደጋ ምስ እትህልዉ ድማ 4 ሰሙናት ክትጽበዩ ኢኹም።

# እቲ ክታበት ይከላኸለለይዶ፧

እቲ ዝወሰድኩሞ ክታበት ናይ ኮቪድ-19፡ ተኽእሎ ስቓይ ናይ ሕማም ኮቪድ-19 ክንክዮ ይኽእል።

ብዓለም ደረጃ ሚሊዮናት ዓቕን ናይዚ ክታበታት ተዋሂቡ ኣሎ። እቲ ክታበት ኣብ ቆልዑን ንኣሽቱ መንእሰያትን ኣዝዩ ኣድማዒ እዩ።



ኣካላትኩም ካብቲ ክታበት ናይ ተጻዋርነት ብቕዓት ንኸጥሪ ዉሑዳት ሰሙናት ከድልዩ ይኽእል። ከም ኩሎም መድሃኒታት፡ ዝኾነ ክታበትውን ሙሉእ ብምሉእ ኣድማዒ ኣይከውንን፡ ስለዚ ረኽሲ ንምክልኻል ነቶም ተዋሂቦም ዘለዉ ጥንቃቐታት ብቐጻሊ ምክትታል ኣገዳሲ እዩ።

ገለ ሰባት ተኸቲቦም እንከለዉ ሕማም ኮቪድ-19 ክሕዞም ይኽእል እዩ፡ እንተኾነግን እቲ ሕማም ከቢድ ኣይከውንን።

## ክታበት ምስ ወሰድኩም ክትገብርዎም ዝግበኣኩም ነገራት

እቲ ክታበት ናይ ኮቪድ-19 ረኽሲ ከማሓላልፈልኩም ኣይክእልን እዩ፡ ብርቱዕ ሕማም ናይ ምሕማም ዕድል ድማ ይንክየልኩም። ስለዚ ነቶም ኣብ ቀረባ እዋን ዝተዋህቡ መምርሒታት ምኽታል ምቕጻል ኣገዳሲ እዩ። ክታበት ምስ ተኸተብኩም ናብ ቤት ትምህርቲ፡ ናብ ኮሌጅ፡ ወይ ስራሕ ክትከዱ ትኽእሉ።

ንነፍስኹም፡ ስድራቤትኩም፡ ኣዕርኽትኹም፡ ከምኡውን መሳርሕትኹም ካብቲ ሕማም ንምክልኻል ሕጂውን ነዞም ዝስዕቡ መምርሒታት ተኸተልዎም፡-

- ማሕበራዊ ርሕቀት ሓልዉ
- መሸፈኒ ኣፍን ኣፍንጫን (ማስክ) ግበሩ
- ኣእዳውኩም ብጥንቃቐን ብቐጻልን ተሓጸቡ
- ጽሩይ ኣየር ንኽህሉ መሳኹቲ ምኽፋት
- ነቶም ዘለዉ እዋናውያን መምርሒታት ኣብዚ ዝስዕብ ነቑጣ መርበብ ሓበሬታ ተኸተሉ፡ www.nidirect.gov.uk/coronavirus





## ኮቪድ-19 ብኸመይ ከምዝዝርጋሕ

ኮቪድ-19 በቶም ካብ ኣፍን ኣፍንጫን ዝወጹ ነጠብጣባት፡ ብፍላይድማ ኣብ ግዜ ምዝራብን ምስዓልን ዝወጹ ኣቢሉ ይዝርጋሕ። ብተወሳኺ ምስቶም ዝተበከሉ ነገራት ወይድማ ገጻት ምስተተናኸፍኩም፡ ዓይኒ፡ ኣፍንጫ፡ ኣፍ፡ ብምትንኻፍ ክውሰዱ ይኽእሉ።

## ተወሳኺ ሓበሬታ

ብኽብረትኩም ንዝያዳ ዝርዝራዊ ሓበሬታ ብዛዕባ ክታበትኩምን፡ ከጋጥሙ ዝኽእሉ ጎድናዊ ሳዕቤናትን ዘጠቓልሉ ነታ ናይ ፍርያት ናይ ሓበሬታ ወረቐት ናይ ኮሮናቫይረስ ብጫ ካርድ ደሊኹም ብምርካብ ኣንብቡ።

ከምኡ'ውን ናይ ዝተጠርጠረ ጎድናዊ ሳዕቤን ናብቲ መርበብ ሓበሬታ ወይ ነቲ Yellow Card ኣፕ ብምውራድ ጸብጻብ ክትህቡ ትኽእሉ። ካብዚ ዝስዕብ ነቑጣ መርበብ ሓበሬታውን ተወሳኺ ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽእሉ፡
www.nidirect.gov.uk/coronavirus







ሓበሬታታት ኣብ ግዜ ሕትመት ክእረሙ ይኽእሉ። ናይ ዝተሓደሰ ክፍሊ ናይዛ ወረቐት ከምኡ'ውን ኣማራጺታት ንምርካብ ናብ መርበብ ሓበሬታ PHA ይበጽሑ
**www.publichealth.hscni.net**

© መሰል ዋንነት ክራውን 2021
(Crown copyright 2021)

እዚ ሓበሬታ እዚ ብመሰረቱ ብህዝባዊ ክፍሊ ክንክን ጥዕና ዓዲ ኣንግሊዝ ዝማዕበል ኮይኑ ከምኡውን ኣብ ትሕቲ ሕጋዊ መንግስታዊ ፍቓድ v3.0 ኣብ ግብሪ ዝወዓለ እዩ።

HSC Public Health Agency

**Public Health Agency**
12-22 Linenhall Street, Belfast BT2 8BS.
Tel: 0300 555 0114 (local rate).
www.publichealth.hscni.net

Find us on:

12/21